**ባይቶ ይኣክል ሕ.መ.ኣ BAYTO YIAKL USA مجلس كفاية الولايات لمتحدة**

ሰርኩላር ናብ ከታማታት ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣመሪካ

ብመጀመርያ ሰላምታና ይብጻሕኩም።

እዚ ኣብ ሃገርናን ከባቢናን ገጢሙና ዘሎ ሓደገኛ ናይ ኲናት ዓዘቕቲ ዝምልከት ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣመሪካ ተደጋጊምቲ ክልተ ህጹጻት ኣኼባታት ብምክያድ ክግምግሞን ብኡ መንጽር ግብረመልሲ ክህበሉን ምጽንሑ ይፍለጥ። ባይቶ ኣብ ገምጋሙ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ገጢሙዎም ዘሎ እዉጅ ናይ ኲናት መቕጻዕቲ ምኽኑይ፡ ሕጋዉን፡ ፍትሓዉን ከምዘይኮነ፡ ኣንጻር መሰል ህዝብታት ዝግበር ዘሎ ርኡይ ዓመጽ ምዃኑ ኣሰሚሩሉ። ስለዝኾነ እዚ ኲናት ብህጹጽ ደው ክብልን፡ እዞም ሓይልታት ሸግሮም ብሕግን ልዝብን ክፈትሑን ኣብ ኣዋጁ ብጥብቂ ክጽዉዕ ጸኒሑን ኣሎን። ብፍላይ ድማ ምትእትታው ስርዓት ኢሰያስ ኣብ'ዚ ናይ ጎረቤት ኲናት፡ ከቢድ ታሪኻዊ ጌጋ ምዃኑ፡ ህዝብና ኣብ ዘይምልከቶ ኲናት ኣኽቲቱ ህይወት ንጹሃን የጥፍእ ምህላዉን፡ ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ድማ ህዝቢ ትግራይ ጎረቤትና እምበር መዋግእትና ከምዘይኮኑ ኣሚኑ ብሙሉእ ዓቕሙ ንኢሰያስን ሰዓብቱን ክቃወሞም፡ ኣብ ክንዲ ኣብዘይምልከቶ ኲናት ህይወቱ ዝሽፍል፡ ብረቱ ኣንጻር ኢሰያስን ዉሑዳት ሰዓብቱ ከቕንዕ፡ ምስ'ዚ "ይኣክል" ኢሉ ዝቃለስ ዘሎ ደምበ ፍትሒ ወጊኑ ክስለፍ፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ግደታኡ ክዋጻእ ብቕሉዕ ክጽዉዕ፡ ክጕስጕስን፡ ክዉድብን ጸኒሑን ኣሎን።

ዝኸበርኩም ኣባላት ከተማታት ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣመሪካ

ከምቲ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንዓለም ክእምኑ "እዚ ኲናት ሕጊ ናይ ምኽባር ናይ ሓጺር ግዜ ወፍሪ እዩ" ዝብልዎ ዘይምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንህዝቢ ትግራይ ለኻኺሙ ናብ ሃገርና ኤርትራ'ዉን ብኹሉ መዳዩ ልሒሙ ዘሎ ኹናት እዩ። ብንጹር ኣብ ሰቪል ህዝቢ ዕላማ ዝገበረ ደብዳባት ይካየድ ምህላዉ፡ ትካላት ልምዓትን፡ ከተማታት የዕኑ ምህላዉ፡ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ሙሉእ ከበባ ኣእቲኻ ዝቕተል ተቐቲሉ ኢዱ ዝህብ ኢዱ ክህብ ንምግባር ሰፊሕ ዘመተ ምህላዉ፡ ብግብሪ ዝረአን ዝስራሓሉን ዘሎ ጉዳይ እዩ። ነዚ ዕዉት ንምግባር ድማ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ትግረዋይ ዝእረየሉን ዝእሰረሉ ዘሎ እዋን በጺሕና ኣለና። እዚ ድማ ፍጹም ጸረ ሰብኣዉነት ምዃኑን ክንኩኑኖን ክንቃወሞን የገድደና።

እቲ ብፈደራል መንግስቲ ዝግበር ዘሎ ዓመጻ ዉሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ እዩ ተባሂሉ ከይሕለፍ ድማ፡ ኤርትራ ወሲኽካ ካልእ ግዳማዉያን ሓይልታት ብምዕዳም፡ ህዝቢ ትግራይ ብኹሉ ተኸቢቡ ኢዱ ክህብ ኣብ ምግባር ብሓያል ናህሪ ይስረሓሉ ኣሎ። ነዚ ንምፍጻም ወተሃደራት ኤርትራ ብሰሜን ሸነኽ ኣብ ኩሉ ዶባት ኤርትራ፡ ብደቡብ ድማ ምስ ሰራዊት ኣብይ ኣሕመድ ብሓባር ኣብ ኲናት ኣንጻር ትግራይ ይገጥሙ ምህላዎም ምሩኻት ኤርትራውያን ቃለ ምስክርነቶም ይህቡ ኣለዉ። ስርዓት ኢሰያስ ምስ ኣብይ ኣሕመድ ብምምሻጣር፡ እቲ ናይ መወዳእታ ጥፍኣት ሕውሓት ንምርግጋጽ፡ ወደባትን ኣየርፖርትታትን ኤርትራ መነሃርያ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሉኣላዊ ግዝኣት ኤርትራ ድማ ደጀን ወተሃደራት ኣብይ ኣሕመድ ብምግባር እዚ ዘይበሃል ዓመጽ ይፍጽሙ ኣለዉ። ሉኣላዉነት ኤርትራ ኣብ ኢድ እቶም ብፍቓድ ኢሰያስ ዝኣተዉ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ወዲቑ ኣሎ። ታሪኽ ባዕሉ ይድግም ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እምበኣር፡ ከም ባይቶ ይኣክል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ከምኡ ዉን ከም ኤርትራውያን ደለይቲ ሓርነትን ፍትሕን፡ ነቶም ኣቐዲምና ክንገብሮም ዝጸናሕና ስራሓት ብዝለዐለ ክንቅጽሎ ከምዘለና ንኣምን። ገለ ካብኣቶም፡

1. እዚ ዘይሕጋዉን ዘይፍትሓዉን ኹናት ምኹናን ክቕጽል። ነቲ ቕድሚ ሕጂ ብግስ መደያታትን ኣቢልና ዝገበርናዮ፡ ብመንገዲ ክፍሊ ዲፕሎማሲ ኣቢልና ናብ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብደብዳቤ ጽሒፍና ዝለኣኽናዮን ናይ ምኹናን መስርሕ ብኣካል ብተግባር ከነሰንዮ ይግባእ። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ገለ ኸተማታት ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተወደቡ ሰላማዊ ሰልፍታት ምስ ኣሕዋት ህዝቢ ትግራይ ብምስላፍ ንዓና ዝምልከት ጭርሖታት ሒዞም ኲናት ክኹኑን፡ ሰላም ክጽዉዑን ቀንዮም ኣለዉ። እቶም ብሕጂ ሰላማዊ ሰልፊ ዘዉድብ ዘለዉ ከተማታት ብዝምልከቶ፡ ወከልቲ ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ምስ ዘዉድቡ ኣሕዋት ተጋሩ ብምትሕብባር ኣንጻር እዚ ኹናት እዚ ዝኹንን፡ ሰላም ናይ እቲ ዞባ ዝጽዉዕ፡ ሰራዊትና ናብ'ዚ ኹናት ኢዶም ካብ ምእታው ክቑጠቡን፡ ኣንጻር ዲክታቶር ኢሰያስ ደው ክብሉ፡ ነቶም ብባርኾት ኢሰያስ ኣብ ሉኣላዊ ግዝኣት ኤርትራ ኣትዮም ዘለዉ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ ሃገርና ኤርትራ ክወጹ ዝጠልብን፡ ምትእትታው ኢሰያስን ጃንድኡን ኣብዚ ኹናት ዝኹንን ጭርሖታት ብምሓዝ፡ ባንዴራ ኤርትራ ሒዝና ክንስለፍ፡ እቲ ብቓል ንብሎ ቓልሲ ንፍትሒ ብተግባር ከነሰንዮን ክንሰርሓሉ ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣ ይጽዉዕ።
2. እዚ ዝካየድ ዘሎ ኹናት ንዓና ኤርትራውያን፡ ወይ ናይ ዓወትና ወይ ድማ ናይ ጥፍኣትና መድረኽ እዩ። ዓወት ኢሰያስ እንተተረጋጊጹ ሃገርና ኤርትራን፡ መንነትናን ነበረ ክኸዉን እዩ። ስለዚ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹን፡ ዉሽጢ ሃገር ዘሎ ምንቅስቓስትና ብሙሉእ ዓቕሚ ክለዓዓል፡ ብኹሉ ዝኸኣልናዮ ክንንቀሳቐሰሉን፡ ክንድግፎን፡ ብተ-ብዓት ክንሰርሓሉ ባይቶ ይምሕጸን።
3. ነዚ ተፈጻምነት ንምግባር ዘድሊ ኩሉ ናይ ፋይናንስ፡ ናይ ፍልጠት፡ ንዋትን ጊዜን ምድላዋት ክንገብር፡ በብኸተማና ናይ ገንዘብ ምወጻእ ስራሓት ክንገብር፡ ኣብ ተበጊሱ ዘሎ gofundme ኣቲና ከነወፊ፡ ወዘተ ባይቶ ጻዉዒቱ የቕርብ
4. ምስ እዚ ኲናት ተታሓሒዙ ዝፍጠር ዘሎ ማሕበራዊ፡ ስነኣእምሮኣዉን ሰብኣዉን ቅልውላው ዜጋታትና ከቢድ ምዃኑ ተረዲእና፡ ነዚ እዉን ግብረ መልሲ ክንህበሉ ቅድመ ምድላዋት ክንገብረሉ ንጽዉዕ።

ነዚኦም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንሕና ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ምስ እቶም ከማና ዉጹዓት ዝኾኑ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ብሄር ብሄረሰባትን ኢትዮጵያ ተሓባቢርና ወጽዓና ናብ ዓለም ከነቃልሕ፡ ሃገራዉን ህዝባዉን ግዴታ ኣሎና እሞ ነዚ ንምግባር በብኸተማና፡ ወይ እዉን ከባቢ ኸተማና ዝግበር ሰልፍታት ክንሳተፍን ሃገራዊ ግዴታና ክንዋጻእን ባይቶ ይኣክል ሕ/መ/ኣ ይጽዉዕ።

ዓወት ንቓልሲ ዉጹዓት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን!!

ዉድቀት ንዔክታተራት መራሕቲ ሃገራትና!!

**ባይቶ ይኣክል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ፈጻሚ ኣካል ባይቶ 11/19/2020**